# ዕረፍቲ ተቓላሲት ሓፍትና ተኽኣ ጸጋይ



ውፍይቲ ደላይት ፍትሒ ተቓላሲት ተኽኣ ጸጋይ መኮነን፡ ብዝሓደራ ሕማም ሰኑይ 7 ግንቦት 2018 ኣብ እትነብረሉ ከተማ ኦክላንድ/በርክሊ ካሊፎርንያ ዓሪፋ። ስነ-ስርዓት ቀብራ ከኣ ሎሚ ዓርቢ 11 ግንቦት 2018 ይፍጸም ኣሎ።

ኣብ ኣስመራ ተወሊዳ ዝዓበየት ውፍይቲ ተቓላሲት ሓፍትና ተኽኣ ጸጋይ፡ ኣብ ፈለማ ሰብዓታት ኣብ ኤርትራ ብዝነበረ ፖለቲካዊ ኩነታት ምኽንያት ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርታ ኣቋሪጻ ተሰዲዳ ናብ ሮማ ኢጥልያ ኣትያ።

ተኽኣ ልዑል ናይ ትምህርቲ ባህግን ድሌትን ስለዝነበራ፡ ነቲ ከቢድ ናይ ስደት ህይወት ገጢማ ኣብ ሮማ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሶሾዮሎጂ ኣጽኒዓ። ኣብ መፋርቕ ሰማንያታት፡ ስደት ቀጺላ ንኣመሪካ ኣትያ ትምህርታ ዛዚማቶ። ብዝነበራ ዝድነቕ ህዝባዊ ርክብን ፍልጠትን ከኣ ኣብ ዞባዊ ምምሕዳር ካሊፎርንያ ከም ሶሻል ዎርከር (Social worker) ኮይና ተቖጺራ ዝተፈላለየ ሓገዝ ንዘድልዮም ጽጉማትን ስደተኛታትን ዝደገፈት ደላይት ጽቡቕ እያ።

ተኽኣ ምድረ ስደት ካብ ዝረገጸትሉ እዋን ኣብ ህዝባዊ ግንባር ተወዲባ ንሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ልዑል ተራ ካብ እተጻወታ ውፉያት ደቀንስትዮ ሓንቲ ኮይና፡ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራዊ ኣኼባታት ተሳቲፋ፡ ኣብ መስርሕ ምንዳፍ ቅዋም ኤርትራ ከኣ ሓንቲ ካብቶም ንጥፍቲ ተሳታፊት ወኪል ሰሜን ኣመሪካ እያ ነይራ።

እዛ ካብ ዕድመ ንእስነታ ክሳብ ዕለተ-ዕረፍታ ካብ ቃልሲ ዘይበኾረት ሓርበኛ፡ ኣብ ኤርትራ ፍትሒ ምስተረገጸን ሕጊ ምስተጋህሰን፡ ግዝኣተ ሕጊ ክነግስ፡ ሃገር በቲ ስውኣት ጀጋኑኣን ህዝባን ኣሚኖም ዝተቓለሱሉ መትከላት ክትምራሕን፡ ቅዋማዊ ህዝባዊ መንግስቲ ክትከልን፡ ኣበርቲዓ ዝተቓለሰት ሃገራዊት እያ።

ተኽኣ መንእሰያት ዘይብላ ሃገር - ተስፋ የብላን!¡ ብምባል ብዝተፈላለየ ምኽንያት ንእተሰዱ ኤርትራውያን መንእሰያት ብምእካብ፡ ኣብ ሃገረ-ስደት ዘሎ ዕድላት ተጠቒሞም ክመሃሩን ነብሶም ከማዕብሉን ዘተባብዐት ኣደ-ኩሉ እያ ነይራ።

እነሆ እምበኣር ተኽኣ እታ ዕጫ ኩሉ ፍጡር ሞት ኣርኪባታ ብሰኑይ 7 ግንቦት 2018፡ ኣብ ሆስፒታል ዓሪፋ። ስነ ስርዓት ቀብራ ሎሚ 11 ግንቦት 2018 ኣብ እትነብረሉ ዝነበረት ከተማ ኦክላንድ/በርክሊ ይፍጸም ኣሎ።

ንዓኣ መንግስተ ሰማይ፡ ንስድራቤታን መቕርባን፡ ንፈተውታን መቓልስታን ከኣ ጽንዓትን ኣኻእሎን ይሃብ።

**ደለይቲ ፍትሒ መቓልስታ**